# ማሕበር ሞያውያን ሕርሻ ኤርትራ ንጥፈታቱ ዝያዳ ክሕይል ኣባላት እቲ ማሓበር ተራኦም ከዕዝዙ ከምዝግባእ ተሓቢሩ።

----------0---------

ማሕበር ሞያውያን ሕርሻ ኤርትራ ንጥፈታቱ ዝያዳ ክሕይል ኣባላት እቲ ማሓበር ተራኦም ከዕዝዙ ከምዝግባእ ሎሚ 13 ሓምለ 5ይ ዓመታዊ ጉባኤኡ ኣብ ኣዳራሽ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ኣብ ዘካየደሉ ግዜ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ጉባኤ ጸብጻብ ናይ ዝሓለፉ 18 ኣዋርሕ ድሕሪ ምቕራቡ፣ ተሳተፍቲ ኣብቲ ንጥሙር ሕርሻ ዝምልከት ብኣቶ ቦኹረጽዮን ሃብተ ዝቐረበ ጽሑፍ ሰፊሕ ክትዕ ኣካይዶም።

ኣብቲ ክትዕ ትርጉምን ታሪኽን ጥሙር ሕርሻ፣ ዝህቦ ጥቕምን ዘስዕቦ ሽግራትን፣ ከምኡውን ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ሃገርና ተኣታትዩ ዘቃለሎም ሽግራትን ኣብ ሓረስቶት ዘለዎ ተቐባልነትን ብሰፊሑ ተዘትዩሎም።

ኣብቲ ዋዕላ እታ ዝጸንሐት ፈጻሚት ሽማግለ ናይቲ ማሕበር ግዜኣ ወዲኣ ክትሰናበት ከላ፣ ተሳተፍቲ ንኽልተ ዓመት እተግለግል ሰለስተ ደቀንስትዮ ዝርከብኣ 11 ዝኣባላታ ሓዳስ ፈጻሚት ሽማግለ መሪጾም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዘስምዖ መደረ፣ ዓመት ዓመት ኣኼባታት ምክያድ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ማሕበር ኣብ ግብራዊ ስራሓት ከተኩር ከምዘለዎ ድሕሪ ምሕባር፣ “ናይ መወዳእታ ዕላማና ሃገርና ብብዝሒ ይኹን ዓይነት ፍርያት ሕርሻ ነብሳ ኪኢላ ንሰደድ ዝኸውን ምህርቲ ኣብ እትፍርየሉ ደርጃ ንብጻሕ እንተዳኣ ኮይኑ፣ ምስ ኣብ ደገ ዝነብሩ ኤርትራውያን ርክብና ከነደልድልን ብመንገዶም ኣቢልና ከኣ ምስ ወጻእተኛታት ሞያውያን ክንራኸብን ካብኦም ክንሙከርን ይግባእ፣” ኢሉ።

ኣቦ መንበር ናይታ ማሕበር ኣቶ መብራህቱ ኢያሱ ብግዲኡ፣ ንቅዋም ናይቲ ማሕበር ምርኩስ ብምግባር ዕላማታት ማሕበር ሞያውያን ሕርሻ ሓደ ብሓደ ድሕሪ ምዝርዛር፣ ብሰንኪ ተኸታታሊ ወራራት ወያነ እቲ ማሕበር ከምቲ ዝድለ ዓበይቲ ዕ ማማት ከሰላስል ከምዘይከኣለ ጠቒሱ፣ ኣብዚ እዋን እዚ ግን ኣብ ተዛማዲ ሰላም ስለዘለና፣ እቲ ማሕበር ዕላማታቱ ክወቅዕ ኩሉ ኣባል ግቡኡ ከበርክት ኣዘኻኺሩ።

ማሕበር ሞያውያን ሕርሻ ኤርትራ፣ ባህርያዊ ሃብቲ ምዕቃብ፣ ምምዕባል ኪኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ኣብ ጽላት ሕርሻ፣ ኣገባብ ማሕርስ ምቕያር፣ እቶታውነት ክብ ምባልን ካልኦትን ዕላማታት ሒዙ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ዝቖመ ማሕበር እዩ።

********ኣዜኤ*********